ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ 'ውጉኣት ተጋደልቲ ንምግብነት ግልጋሎት ዝውዕል ኣስቤዛ ጨረታ አጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቓሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትሳተፉ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 15, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 23, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 23, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

ንሳልሳይ ጊዜ ዝወፀ ግልፂ ጨረታ

ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ 'ውጉኣት ተጋደልቲ ንምግብነት ግልጋሎት ዝውዕል ኣስቤዛ ጨረታ አጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቓሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትሳተፉ ይዕድም።

1) ተጫረቲ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎምን ኣድላዪ ዘበለ ዶክሜንትን ምስቲ ሰነድ ፎቶ ኮፒ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ ይግባእ።

ውሱን

2) ተጫረቲ ኣብ ዘእተውዎ ሰነድ ብዘይ ስርዝ ድልዝ ኑጹር ዋጋ መሊኦምን ፈረሞምን ብዝተዓሸገ ኢንሸሎፕ ከረክቡ ይግባእ።

3) ተጫረቲ ብማ/ተ/ሰ/ትግራይ መለስ | ካምፓስ ብዝተዳለወ መምልኢ ዋጋ ኣብ ባዕሉ መሊእኹም ካብ ዕለት 15/ 02/2017ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ ዕለት 23/02/2017ዓ/ም ጨረታ ዝዕፀወሉ ግዜ ኣብ ዕደጋ ክፍሊ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ክተእትዉ ይግባእ።

4) ተጫረቲ ቴክኒካልን ፋይናንሻል ስፐስፊኬሽን በቢ በይኑ ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

5) ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዓይነት ግልጋሎት ብዝተኣዘዘ ግዘ ፣ መጠንን ፅፊትን መሰረት ክኸውን ይግባእ።

6 እቲ ጨረታ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውዎ ዕለት 23/02/2017ዓ/ም ቴክኒካል ስፐስፊኬሽን ቅድሚ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ 4:30 እንትኽፈት እቲ ፋይናንሻል ስፐስፊኬሽን ድማ 5:00 ሰዓት ይኽፈት።

7) ናይ ጨረታ መኽበሪ 100,000 (ሓደ ሚኢቲ ሽሕ) ቕርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ጥራሕ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ሽም ብዝተዓሸገ ፖስታ ከእትዉ ይግባእ።

8) ተጫረቲ ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 150 (ሓደ ሚኢቲን ሓምሳን) ቕርሺ ኣብ ናይ ትካልና ፋይናንስ ብምኽፋል እቲ

ሰነድ ካብ ዕደጋ ክፍሊ ክወስዱ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9) ተጫረቲ ማህተም ዘለዎ ምሉእ ኣድራሽኡምን ስልኪ ቁፅሮምን ከቕምጡ ኣለዎም።

10) ሰዓራይ ጨረታ ነቲ ዘሸንፎ ዓይነት ግልጋሎት ውዕሊ ኣሲሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ግልጋሎት ክጅምር ይግባእ።

11) ተጫረቲ ኣብ ኣመላልኣ ዋጋን ስፐስፊኬሽንን ንዝፈጠርዎ ጌጋ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ፈሊጥኹም ብጥንቃቄ ክትመልኡ ይግባእ።

12) ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብውሱን ወይ ኽዓ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልው እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle